ADA Australia
*Your aged and disability advocates*

# ናይ ኣረጋውያን ክንክን ደገፍ ኣገልግሎትኩም

## ናጻን ምስጢራውን ብወገንካ: ናትካ ቃል

(Tigrinya/ትግርኛ)







- ብዕድመ ዝደፍአ ሰብ ዲኻ እሞ ኣብ ገዛኻ ገለ ሓገዝ የድልየካ ድዩ?
- ብዛዕባ እቲ ንኣረጋውያን ንምሕጋዝ ዝቐርብ ኣገልግሎት ክንክን ኣረጋውያን ትፈልጡ ዶ?
- ኣገልግሎት ክንክን ኣረጋውያን ንምርካብ ሓገዝ የድልየካ ድዩ?
- ኣብዚ ሕጂ እዋን እትጥቀመሉ ዘለኻ ዝኾነ ይኹን ኣገልግሎት ክንክን ኣረጋውያን ጸገም ኣለካ ድዩ?

ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከቡ ኣረጋውያን ኣገልግሎት ክንክንን ደገፍን ኣረጋውያን ክረኽቡ መሰል ኣለዎም። ክትድገፍ እትኽእለሉ ብርክት ዝበሉ መንገድታት ኣለዉ። ክትረኽቡ ትኽእልዎ፤

- ኣብ ገዛኻ በይንኻ ንክትነብር ዝሕግዙኻ ኣገልግሎታት ክንክን ኣረጋውያን
- ድሕሪ መጉዳእቲ ወይ ሕማም ናብ ቀደም ቦታኻ ክትምለስ ዝሕግዘካ ናይ ሓጺር ግዜ ክንክን
- ኣብ ገዛኻ ክትነብር ኣብ ዘይትኽእለሉ እዋን ኣብ መእለዩ ኣረጋውያን ዝርከብ ቦታ።

### ብኸመይ ክንሕግዝ ንኽእል?

ADA ኣውስትራልያ ንዓኻ ዝሕግዙ ሕጋዊ ምኽሪ ይህብ፤

- እንታይ ዓይነት ኣገልግሎታት ከምዘሎ ንክትፈልጥ
- ኣገልግሎት ክንክንን ደገፍን ንክትረክብ
- ካብ ኣገልግሎት ክንክን ኣረጋውያን እቲ ዝበለጸ ትረክብ
- ወጻኢታትን ክፍሊትን ክንክን ኣረጋውያን ትርዳእ
- ብዛዕባ ኣገልግሎት ክንክን ዕድመ ዝደፍኡኻ ጸገማት ወይ ጥርዓናት ትፈትሕ
- መሰላትካ ተረዲእካ ብኽብርን ፍትሓውን ኣተሓሕዛ ከም ዝግበረልካ ተረጋግጽ
- ኣብ ክንክንካን ኣብ ዝጸልዉኻ ነገራትን ርእይቶ ይሃልኻ።

### ሕጋዊ ኣማኻሪ/ተጣባቒነት እንታይ እዩ?

ተጣባቕነት ድሌታትካ ክትገልጾን ንመሰልካን ድሌታትካን ክትዛረብን ዝሕግዘካ ደገፍ ይህብ። ተጣባቒ ADA ኣውስትራልያ ንኹነታትካ ክሰምዕን ንጉዳያት ንምፍታሕ ክሕግዘካን ዝኽእል ዘይሻራዊ ሰብ እዩ።

ተጣባቒ ኣብ ጎንኻ ብናትካ ድሌየት ኢዩ ዝምራሕ። ካሊእ ኣገዳሲ ነገር: ውልቀ ምስጢርካ ክሕልወልካ ኢዩ፡ ንስኻ እንተዘይደሊኻ ድማ ምስ ንዝኾነ ሰብ ኣይዛረቡልካን።

### ኣገልግሎትና ድማ፤

- ብነጻ፣ ምስጢራዊ፣ ዓርሱ ዝኸኣለ ኢዩ።
- ብኣኻ ዝምራሕ ኢዩ።

## ብቑጽሪ ስልኪ 1800 700 600 ኣዘራርበና

Interpreter ኣስተርጓሚ እንድሕር ዶኣ ኣድልዩካ ብ 131 450 ደውል።

e: info@adaaustralia.com.au
w: www.adaaustralia.com.au

ADA ኣውስትራልያ ንባህላዊ ሓለውቲ ናይዚ መሬት ኣፍልጦ ይህብ፤ ንሽማግለታት፣ ንሕሉፋት፣ ንህሉዋትን ንመጻእትን ክብሪ ይህብ።